# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ውድቀት ሰብ




**ጸሓፊ** : Edward Hughes

**ገላጺ** : Byron Unger; Lazarus

ተርጎሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡ ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ

**ኣወሃሃዲ** : M. Maillot; Tammy S.



ዛንታታት ካብ 2 ክሳብ 60

**www.M1914.org**

***Bible for Children,*** *PO Box 3, Winnipeg, MB R3C 2G1 Canada*



ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡


ትግርኛ

Tigrigna







″ከም ኣምላኽ ድኣ ትኾኑ እምበር″ ሄዋን ድማ ከምኡ ስለዝበላ ካብታ ፍረ ወሲዳ በልዔት ምኽሪ ተመን ከይተረድኣ ፈጸመት።
3
ሄዋን ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣፍረሰት ካብታ ፍረ ወሲዳ ንኣዳም ሃበቶ ኣዳም ብወገኑ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣይጥሕስን ኣይበልዕን ክብል እካ እንተነበሮ። ንሱ’ ውን ከም ሄዋን በልዔ።
4
ኣዳምን ሄዋንን ትእዛዝ እግዚኣብሄር ምስ ኣፍረሱ ከምቲ ዝተባህሎም ዝሓሰብዎን ዘይኮነስ ጥራዮም ምዃኖም ድኣ ፈለጡ። ነቲ ጥራዮም ምዃኖም እንተ ሽፈነሎም ኢሎም ናብ ኣግራብ ኣትዮም ቀጽሊ በለስ ኣሊጋጊቦም ከኣ ተዐጥቁ። መሊሶም ከኣ ኣብቲ ኣግራብ ኮይኖም ካብ እግዚኣብሄር ክኽወሉ ተሓብኡ።
5
ምድሪ ምስ ወልወለ (መሰየ) እግዚኣብሄር ድሃዮም ክገብር ከም ቀደሙ መጸ። እንታይ ፈጺሞም ከም ዘለው ይፈልጥ ነበረ። ኣዳም ንሰበይቱ ሄዋን ንሳውን ንተመን ክኸሱ ተራኣዩ። ሽዑ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ተመን እዚ ስለ ዝገበርካ ካብ ኵሎም እንስሳ ኣራዊት መሮር ርጉም ኩን ብኸብድኻ ክትከይድ ኵሉ ዘበን ህይወትካ ድማ መሬት ክትበልዕ ኢኻ። ንሄዋን ከኣ መከራክን ጻዕሪ ጥንስኽን ኣዝዩ ክበዝሕ እዩ በላ። ንኣዳም ከኣ ምድሪ ብዛዕባኻ ርግምቲ ትኹን እሾክን ተኹርባን ተብቍለልካ። ኵሉ ዘመን ህይወትካ እንጌራካ ከኣ ብጻዕሪ ክትበልዕ ኢኻ።
6
ኣዳምን ሄዋን ካብታ ብህድኣትን ብዘይ ስክፍታን ቀሲኖምን ዝነብርዋ ገነት ብሰንኪ ዘይምእዛዞም ካብ እግዚኣብሄር ተፈለዩ። እታ ንዘለኣለም ህያዋን ኮይኖም ዝነብርዋ ዝነበሩ እግዚኣብሄር ዝሃቦም ከኣ ሰኣንዋ።
7
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ርሕሩሕን ለዋህን ፈቃርን ስለ ዝኮነ ንኣዳምን ሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ከደኖም። እቲ ዘገርም ግና እቲ ደበሎ ካበይ ወሰዶ? እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ገነት ኤደን ኣውጽኦም ንምሕላው ሃልሃልታ ሴፍ ዝሓዘ ኪሩቤል ኣቀመጠ።
8


ድሕሪ እዚ ፍጻሜ እዚ ኣዳምን ሄዋንን ውሉድ ወለዱ። ቦኽሪ ወዲ ቃየል ብድሕሪኡ ድማ ኣቤል ተወልደ። ቃየል ዓያይ ምድሪ ነበረ፡ ኣቤል ግና ጓሳ ኣባጊዕ ኰነ። ድሕሪ ገለ ወርሓት ድማ ኰነ ቃየል ካብ ፍረ ምድር ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣምጽኤ። ኣቤል ከኣ ካብ በዅራት ኣባጊዑን ካብ ስብሒንን ኣምጽኤ። እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን መስዋእቱን ባህ ኢልዎ ረኣየ።
9

እግዚኣብሄር ብ ቃየልን መስዋእቱን ባህ ኣይበሎን። ቃየል ከኣ ኣዝዩ ኲረየ ገጹ ድማ ጸለመ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ″ስለምንታይ ኲሬኻ ጽቡቕ እንተ ትገብርሲ ገጽካዶ ትኽ ኣይምበለን። ሓጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ትቃጸወካ ኣላ። ሃረርታኣ' ውን ናባኻ እዩ፡ ግናኸ ንስኻ ክትገዝኣ ይግብኣኻ።″
10

ጓህን ኩራን ግና ንቃየል ከምዝተመዓደ ኣይገደፎን፡ እኳ ድኣ መሊሱ ድሕሪ ጊዜ ኣብ መሮር ንሓው ኣቤል ተንሲኡ ቀተሎ፡
11

እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ተዛረቦ። ″ኣበይ ኣሎ ሓውካ ኣቤል″ በሎ። እግዚኣብሄር እንታይ ከም ዝምልስ። ክፈልጥ። ኢሉ እምበር እንታይ ከምዝገበረ ጠፊእዎ ኣይኮነን። ቃኤል ግና ″ኣይፈለጥኩን″ በለ ″ሓላው ሓወይ ኣይኮንኩን″ ኢሉ መለሰ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ከምዚ በሎ ″ምድሪ ምስ እትሓርስ መሊሳ ሓይሊ ኣይትህበካን እያ። ኣብ ምድሪ ኲብላልን ቀባሕብሓይን ኩን፡″ በለ።
12

ቃየል ድማ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወጸ። ሰበይቲ ቃየል ውሉድ ወለደትሉ ስድርኡ ከኣ ክዕቢ ጀመረ። ኣብ ሓጺር ጊዜ ስድራ ቃየል ክበዝሑ ጀመሩ ነታ ከተማ'ውን መልእዋ።
13

ከምኡ' ውን ስድራ ኣዳም ክበዝሑ ጀመሩ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ዕድመ ወዲ ሰብ ነዊሕ እዩ ኔሩ።
14













ውድቀት ሰብ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 3-6

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፡130

እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፧ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኰይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3፡16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።